ኣልሁዳ
www.alhuda1.com

ኣኣብ ሰለስተ ወርሒ እትሕተም እስላማዊት መጺሔት ቁ፡ (16)01.11.2005

## *ትሕዝቶ ሕታም*


- ብሓቂ መልእኽትኹም ኣብጺሕኩሙልና ኢኹም ረሱል………......(1)
- *ሓፈሻዊ ትንተና ሓሙሽተ ዓንዲታት እስልምና ( 3 ).....( 2 )*
- መለለይ ጠባይ ናይ ዳዒ(ሰባኺ) ( 2 ) ዳዕዋን ኣገባቡን………( 4)
- *ጂብሪል ዋሕይ ሒዙ ምውራድ ጀመረ…………………………(6)*
- ካብ ጎዳኢ ሕሹኽሹኽ ንርሓቕ………………………………(.8)


**ቃል - ኣልሁዳ**

*ብሓቂ ኣብጺሕኩሙልና ኢኹም*

ልኡኽ ሙሓመድ ረቢ እቲ ዝግበኦም ሰላምን ርህራሄን ይብጻሓዮም:ምእንቲ መልእኽቲ ናይ ኣላህ( ተልእኾ ምስልምና) ናብ መላእ ዓለም ከብጽሑ ክንደየናይ ከምዝተሳቐዩን ዘይሕለል ጻዕሪ ከምዘካየዱን ኣብቲ ብንጹር ተገሊጹ ዘሎ ሂወት ናቱ ዝገልጽ ሲራ ( ሂወት ናይ ረሱል ዝገልጽ መጽሓፍ) ተገሊጹ ከምዘሎ ንብዙሓት ፍሉጥ እዩ።ኣብዛ ናይዛ ለብዘበን ዓመት ሮመዳን (ረቢ ኢንሻኣላህ ይቀበለልና) ብዛዕባ ሂወት ነቢይ ካብ ግዜ ትውልዱ ኣትሒዙ ክሳብ ካብዛ ዓለም ዝፋነዉ: ኣብ ካናል ኢቕራእ :ትሕቲ ***ኹማ ኣልሓቢብ*** ብዝብል ኣርእስቲ ብሓውና ዓምሩ ካልድ ዝቐረበ:ኣስተምህሮ ክንደየናይ እቲ ናይ ናብራ ናይ ረሱል ስእሊ ክቐርበልና ክኢሉ::ኩሉ ርህራሄን ሓልዮትን ትዕግስትን ዘይሕለል ጻዕሪ ምእንቲ ንመላእ ሕብረተ ሰብ ካብ ጸልማት ናይ ድንቁርና ወጽዩ ናብ ብርሃን ናይ ምስልምና ክኣቱ ብሓቂ ከምዝጻዓሩ ኣብቲ ዝቐረበ ትንተናታትን መግለጺታትን ክንግንዘብ ክኢልና::

ኣብዚ ክንብሎ ንደሊ ዘለና ብሓቂ እንተዳኣ ብሩህ ስእሊ ብዛዕባ ረሱልና ሙሓመድ ፍልጠትኩም ከተዕምቑን ከተስፍሑን እንተዳኣ ደሊኹም ተገዲስኩም ነዚ ብሓውና ዓምሩ ኻልድ ዝቐረበ መግለጺታት ንኽትከታተሉ ንሕብረኩም::
ኣብ ሰሙን ሰለስተ ግዜ ከም በሓዲሽ ኣብ ካናል ኢቕራእ ይድገም ስለ ዘሎ እቲ ዕድል ናይ ምርኣይ ኣይሓለፈኩሙን::
እቶም ክእለት ናይ ምቱርጓምን ምጽሓፍን ዝመልኩ ኣሕዋት ካኣ ነዚ ዓቢ ስራሕ ተርጊሞም ነቶም ዓረብ ዘጽግመሞ ኣሕዋትና ንከቕርብሎም ካኣ ግቡኦም ከምዝኾነ ከየተሓሳሰብና ክንሓልፍ ኣይንደልን::
ረቢ ኻኣ ይቀበለልና ኣሜን::

*ኣሳናዳእቲ መጺሔ ኣልሁዳ*

# *ሓፈሻዊ ትንተና ሓሙሽተ ዓንዲታት እስልምና.*

## *ሸርሕ ኣልኣርበዑን ኣልነወዊያ:*

### *ሓዲስ ቁ (2)ን ሓፈሻዊ ትንተናኡን* ቁ: ( 3 )

*ብ:ሸይኽ ሙሓመድ ቢን ኣልዑሰይሚዪን*

**ክቡራት ኣንበብቲ መጺሔት ኣልሁዳ ርህራሄን መቐፈራ ናይ ረቢ ይዕሰልኩም እናበልና ነዚ ሓፈሻዊ ትንተና ሓድስ ቁ: 2 ካብ ኣሓዲስ ኣልኣርበዑን ኣልነወዊያ ነቕርበልኩም::**
**ኣብዛ ሕታም ኣልሁዳ ቁ:16 ካኣ እቲ ትርጉም ወይ ፍቲ ብዛዕባ ልኡኽ ሙሓመድ ረሱል ልኡኽ ናይ ኣላህ ከምዝኽነ ምእማንን ምምስካርን እንታይ ከምዝኾነ ሓደ ሓደ መግለጺታት ነቕርብ::**

እምበኣር ብረሱል ምእማንን ምምስካርን ነዚ ዝስዕብ ኣገዳሲ ረቋሒታት ኣብ ግምት ምእታው ይሕተት:

***ቀዳማይ*** ፦ ሉኡኽ ኣላህ ዓለይሂ ሰላት ወሰላም ዝሓበሩና ምእማን ፡ ወዲ- ሰብ ኣብቲ ረሱል ዝሓበሩና ጋግ መጋእ ከይበለ ፡ ኣብ ልቡ ካብቲ ብኣፉ ዝበሎ ንላዕሊ ክቕበሎ ይግባእ ።
ረቢ ኣብ ሱረት ኣልዛሪያት ካብ ኣያ ቁ. 23 ይብል ፡

فَوَرَبِّ السَّمَاءِ وَالأَرْضِ إِنَّهُ لَحَقٌّ مِثْلَ مَا أَنَّكُمْ تَنطِقُونَ (23)

ወዲ ሰብ ካብቲ ብኣፉ ዝብሎ ኣይጠራጠርን እዩ ፡ ከምኡውን እቲ ሉኡኽ ኣላህ ብኣፎም ዘበሉዎ ክንጠራጠር ኣይግባእን ፡ ግን ሉኡኽ ረቢ ምሳና ስለ ዘየለዉ ፡ ናይ ግድን እዩ እቲ ዝበጸሓና ሓዲስ ሓቂን ቁንዑን ም኿ኑ ክንፈልጠ ፡ ኣንተደኣ እቲ ሓዲስ ሰሒሕ ም኿ኑ ኣረጋጊጽና ክንኣምኖ ድማ ግድነት እዩ ።
ኣብ ገለ ገለ ሓዲሳት ወላኳ ቱርጉሙ ንረዳእ እምበር ኣንፈቱ ናበይ ከምዘብል ምርዳኡ እንተ ኣሸገረ ሓቂን ቁኑዕን ሓዲስ ም኿ኑ እንተ ኣረጋግጽና ክንኣምነሉን ብትእዛዙ ክንሰርሕን ናይ ግድን እዩ ።

**ካልኣይ** ፦ልኡኽ ኣላህ ዝኣዘዙዎ ብቐጥታ ምቕባል ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣልኣሕዛብ ኣያ ቁ.36. ይብል:

وَمَا كَانَ لِمُؤْمِنٍ وَلا مُؤْمِنَةٍ إِذَا قَضَى اللَّهُ وَرَسُولُهُ أَمْراً أَنْ يَكُونَ لَهُمْ الْخِيَرَةُ
مِنْ أَمْرِهِمْ وَمَنْ يَعْصِ اللَّهَ وَرَسُولَهُ فَقَدْ ضَلَّ ضَلالاً مُبِيناً (36)

ስለዚ እብል ፡ እቲ ገሊኣቶም ዝብልዎ ፡ ትእዛዝ ካብ ረብን ረሱልን ክመጽእ ከሎ እዚ ትእዛዝ እዚ ግድነት ድዩ ወይስ ንምፍጻሙ ይፍቶ ? ። ከምዚ ዝኣመሰለ

ተርጓሚ: ዓብደልዓሊም ስዒድ በያን

ሕቶ ክሕተት ኣይግባእን እዩ ፡ ካብ ሓንጎልና ድማ ከነርሕቆ ይግባእ ።
ሰሓባ ናይ ነብይ ኣላህ ረቢ ይርደየሎም ነብይ ኣላህ ዓ.ሰ.ወ ዝኾነ ትእዛዝ ክእዝዞም ከሎ እዚ ትእዛዝ ናይ ግድን ድዩ ወይስ ንክፍጽምዎ ፍቱው ይኸውን ኢሎም ጨሪሾም ይሓቱ ኣይነበሩን ፡ እንታይ ደኣ ቀጥታ ኣሚኖም ከይ ሓተቱ ትእዛዝ ይፍጽሙ ነበሩ ፡ እሞ በዚ መሰረት ንብል “ ሙሓመድ ዓ.ሰ.ወ. ልኡኽ ናይ ኣላህ ምኺኑ ትኣምን ስለ ዝኾንካ እቲ ዝኣዘዘካ ከይሓተትካ ትእዛዙ ፈጽም ።

ኣስላማይ ኣብ ገለ ገለ እዋን ምናልባት ብጌጋ ኣብ ሙኻለፋ( ጌጋ ይፍጽም) ይወድቕ ፡ ኣብዚ እቲ ትእዛዝ ናይ ግድን ድዩ ወይስ ፍቱው እዩ ነይሩ ክሓትት ኣድላዪ ይኸውን ፡።
ኣንተደኣ እቲ ትእዛዝ ግድን ነይሩ ኣብ ሙኻለፋ ስለ ዝወደቀ ቶባ ክገብር ናይ ግድን እዩ ፡ እንተደኣ ናይ ግድን ዘይኮነ ድማ እቲ ነገር ቀሊል ማለት እዩ ።ናይ ግድን ቶባ ምግባር ኣየድልዮን እዩ ።

**ሳልሳይ**፦ ወዲ-ሰብ ጋእ መጋእ ከይበለ ካብቲ ሉኡኽ ኣላህ ዓ.ሰ.ወ ተኸልኺሉ ዝበሉዎ ክኽልከል ናይ ግድን እዩ፡ እዚ ካብ ቁርኣን ዝተወሰደ ኣይኮነን ኢሉ ዘረባ ናይ ረስሱል ዝነጽግ ኣብ ዓቢ ጌጋ ምእንቲ ከይወድቕ ክጥንቃቕ ይግባእ:: ምኽኒያቱ ቁርኣን ኣብ ሱና ዝመጸ ንክንኽተሎ ኣዚዙና እዩ ፡ ነብይ ኣላህ ዓ.ሰ.ወ ካብዝን ከምዚ ዝኣመሰለን ጌጋታት ከይንወድቕ ኣጠንቂቆምና እዮም ፡

ምሰ ዚ ኩሉ ካብ ሉኡኽ ኣላህ ዝመጸና መልእኽትታት ካብ ቁርኣን እዩ እንዳበልና ከለና ፡ እሞ ካብ ቁርኣን እንተዘይኩይኑ ኣይንኽተሎን ክንብል ማለት ድዩ ፡ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣልዓዕራፍ ይብል

قُلْ يَا أَيُّهَا النَّاسُ إِنِّي رَسُولُ اللَّهِ إِلَيْكُمْ جَمِيعاً الَّذِي لَهُ مُلْكُ
السَّمَوَاتِ
وَالأَرْضِ لا إِلَهَ إِلاَّ هُوَ يُحْيِ وَيُمِيتُ فَآمِنُوا بِاللَّهِ وَرَسُولِهِ النَّبِيِّ
الأُمِّيِّ الَّذِي يُؤْمِنُ بِاللَّهِ وَكَلِمَاتِهِ وَاتَّبِعُوهُ لَعَلَّكُمْ تَهْتَدُونَ
(158)

ኣብዛ ኣያ ቁ. 158 ( ወተቢዑሁ) ተኸተልዎ እትብል ቃል: እ ማለት ድማ ብሓፈሻ ዝኾነ ነገር ረሱል ዝበልዎን ዝፈጸምዎን ክንኽተሎ ማለት እዩ ።

**ራብዓይ ፦** ዝኾነ ይኹን ናይ ወዲ- ሰብ ብህሊ ካብ ብህሊ ረሱል ዓለይሂ ሰላት ወሰላም ቀዳምነት ዘይምሃብ ፡ ስለዚ ዝኾነ ኢማም ካብቶም ኣኢማ ( ዑለማእ ) ናይ ሙስሊሚን እውን እንተኾይኑ ካብ ዘረባ ነብይ ኣላህ ቀዳምነት ክውሃቦም ኣይግባኣን እዩ ::ምኽኒያቱ እስኻ ወይ እቲ ኢማም ነብይ ኣላህ ዓ.ሰ.ወ. ክትክተልዎ ግቡእኩም እዩ ። ኣዝዩ ዘገርም እዩ እተዳኣ ምስ ገሊኣቶም ተኻቲዕካ እሞ ሉኡኽ ረቢ ከምዚ ኢሉ ምስ እትብሎም ፡ “ ግን እሞ ኢማም እከለ ኮምዚ እንድዩ ኢሉ ” ይብሉ ፡ እዚ ጉዳይ ዓቢ ከምዝኾነ ግን ክግንዘቡ ይግባእ ::

**ሓሙሻይ** :ኣብቲ ዲን ናይ ኣላህ :ረሱል ዓ.ሰ.ወ ዘየምጸኦ ብድዓ(ማለት ሓድሽ ነገር ረሱል ዘይፈጸሙዎ ) ክንምህዝ ኣይግባእን ፡ እዚ ድማ ኣብ ዝኾነ ይኹን ዓቂዳ (እምነት) ወይ ብህሊ ኮነ ወይ ተግባር ፡ ስለዚ ኩሎም እቶም ሙብተዲዒን( መሃዝቲ ) ምስክርና ሙሓመድ ረሱል ኣላህ ኣይተገንዘብዋን ማለት እዩ ፡ ኢቲ እሱ ኣብ ሂወቱ እንክሉ ዘይገበሮ ብምፍጻሞም ናብቲ ሕጊ እስልምና ወሲኾም ማለት እዩ ። ምስ ረሱል ኣደብ ኣየዘውተሩን ማለት ከምዝኾነ ኻኣ ምላጥ የድሊ::

**ሻዱሻይ** ፡ ኣብቲ መሰላቱ ወይ እቲ ውልቃዊ ጉዳያቱ ዘይ ምውሳኽ ንኣብነት እቶም ብልደቱ ፌስታ ዘብዕሉ እዚኦቶም ውን ጉድለት ኣብቲ ምስክርና ሙሓመድ ረሱል ኣልህ ኣለዎም ፡ ክትውስኽን ከተጉድልን ካብቲ ሕግታቱ መሰል የብልካን. ኣስኻ ተኸታሊ ጥራይ ኢኻ ።

**ሻውዓይ** ፡ ነብይ ኣላህ ኣብቲ ናይ ረቡብያ ( ንረቢ ጥራይ ዝምልከት መለለይ ጠባያትን ክእለታትን ) ወላ ሓንቲ ዝውንን ዘይምኻኑ ምርዳእ ፡ ማለት ሞይቱ እንክሎ ኦ ኣንታ ነብይ ኢልካ ዓው ኢልካ ምጽዋዑ ፡ ብኻልእ ኣባሃህላ ሓገዝን ደገፍን ደሊኻ ካብኡ ሓገዝ ምሕታት ፡ ብህይወቱ እንክሉ ግን ኣብቲ ዝካኣሎ ነገራት ሓገዝ ክትሓቶ ፍቁድ እዩ ፡ እሱ ጊልያ ኣላህን ሉኡኹን ጥራይ እዩ ፡ እዛ ኣያ እዚኣ ካብ ሱረት ኣልኣዕራፍ ነዚ ነገር እዚ ክትብርሆ ትኽእልእያ::

قُلْ لا أَمْلِكُ لِنَفْسِي نَفْعاً وَلا ضَرّاً إِلاَّ مَا شَاءَ اللَّهُ وَلَوْ كُنتُ أَعْلَمُ الْغَيْبَ لاسْتَكْثَرْتُ مِنْ الْخَيْرِ وَمَا مَسَّنِي السُّوءُ إِنْ أَنَا إِلاَّ نَذِيرٌ وَبَشِيرٌ لِقَوْمٍ يُؤْمِنُونَ (188)

ኣብዛ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሳ ዘላ ኣያ: ጌጋ እቶም ንረሱል ጸዊዖም ሓገዛት ዝሓቱ ፡ ኣብ ዲኖም ( ኣብ ሃይማኖቶም) ጉጉያት እዮም ፡ ሉኡኽ ኣላህ ነታ ነፍሱ ክጠቕማ ወይ ክጎድኣ ዘይክእልሲ ከመይ ጌሩ እዩ ንኻልኦት ክጠቕም። ስለዚ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣልጂን ኣያ 21-22 .

قُلْ إِنِّي لا أَمْلِكُ لَكُمْ ضَرّاً وَلا رَشَداً (21) قُلْ إِنِّي لَنْ يُجِيرَنِي مِنْ اللَّهِ أَحَدٌ وَلَنْ أَجِدَ مِنْ دُونِهِ مُلْتَحَداً (22)

ካብዚ ትንተና እዘን ጥቅሲታት ክንርድኦ ዝኽኣልና ፡ ረሱል ኣላህ ንነፍሱ እንተደኣ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ገለ ክገብሮ ደልዩ ወላ ማንም ይኹን ነዚ ድልየት ረቢ ዝኽልክሎ ኣይምስተረኸበን ፡ ኮምዚ ካብ ኮነ እቶም ደገፍን ዑቅባን ካብ ሉኡኽ ኣላህ ዝሓቱ ሰባት ፡ ኣብ ጉሉጽ ዝኮነ ጉጉይ መንገዲ እዮም ዘለዉ ፡ ከምኡውን እዚ ነገር እዚ ካብቲ ሽርኪ እዩ ። ንኣብነት ሓደ ወዲሰብ ብሓሳባት ሓንጎሉ ተናጒዱ እሞ ናብ ቀብሪ ሉኡኽ ኣላህ ክይድ ኢሉ “ ኦ ኣንታ ሉኡኽ ናይ ኣላህ ኣነ ብሓሳባብን መከራታትን ተዋሒጠ ኣለኹ እሞ ርድኣኒ ኢሉ እንተደኣ ሓቲቱ ፡ እዚ ሰብ እዚ ሙሽርክ ይኸውን ።

ካብቶም ሽርክ ኣልኣክበር ዝፈጸሙ ሰባት ካኣ ይቑጸር ፡ ስለምንታይ እንተበልና ድማ ንረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ሓዲጉ ንረሱል ኣላህ ስለ ዝጸወዐ እዩ ፡ ሙዉት ሰብ ክረድኣካን ክድግፈካን ኢልካ ምጽዋዕ ፡ ካብቶም ዓብይቲ ሽርኪታት እዩ ፡ እቲ ትጽውዖ ዘለኻ ሰብ ንክረድኣካ ክእለት የብሉን ፡ ንባዕሉ ሬሳ እዩ ወላኳ እታ ሩሕ(መንፈስ) ኣብቲ ቀብሪ ምስቲ ሬሳ ርክብ ይሃልዋ ፡ እዚ ድማ ምስቲ ሂወት ኣብ ቀብሪ ዘለዎ ማለት ሓያት ኣልበርዘኽ እሱ ድማ ድሕሪ ሞት ክሳብ መዓልቲ ሒሳብ ዘሎ ሂወት እዩ ፡ ምስኡ ድማ ዝገራጮ ኣይኮነን ።

**ሻሙናይ ፦** ብህሊታቱ ምኽባር ማለት ዘረባ ሉኡኽ ኣላህ ዓ.ሰ.ወ ምኽባር ። እሱ ድማ ኣሓዲስ ሉኡኽ ኣላህ ዓለይሂ ሰላት ወሰላም ኣብ ዝይግበእ ቦታ ዘይምቕማጥ ፡ ኣብ ሕማቅ ቦታ ምቕማጡ ድማ ሓደ ካብቲ ንረሱል ምንዓቅን ምሕሳርን ኮይኑ እዩ ዝርእ ፡ ከምኡውን ኣብ ጥቃ ቀብሩ ኼንካ ድምጽኻ ዓው ዘይምባል ። ሰይድና ዑመር ኢብን ኣልኸጣብ ክልተ ሰብኡት ተቐማጦ ኣልጣይፍ ኣብ መስጊድ ኣልነብይ ዓው ኢሎም ክዛረቡ ምስ ሰመዖም ፡ “ ካብ ጣኢፍ ስለ ዝኮንኩም እምበር ብማህረምቲ ምገረፍኩኹም ነይረ” በሎም ፡ ረቢ ሱሓነሁ ወተዓላ ይብል:

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا لا تَرْفَعُوا أَصْوَاتَكُمْ فَوْقَ صَوْتِ النَّبِيِّ وَلا تَجْهَرُوا لَهُ بِالْقَوْلِ كَجَهْرِ بَعْضِكُمْ لِبَعْضٍ أَنْ تَحْبَطَ أَعْمَالُكُمْ وَأَنْتُمْ لا تَشْعُرُونَ (2)

# መለለይ ጠባይ ናይ ዳዒ(ሰባኺ) ( 2 ) ዳዕዋን ኣገባቡን

*ብኣቡ ዓብዱራሕማን*

## *ትዕግስቲ ምግባር:*

ትዕግስቲ ሓደ ካብ ናይ ምስልምና ክማላእ ዝግበኦ ኣገዳሲ ረቋሕ እዩ።ትዕግስቲ ' ዉን ፍርቂ ኢማን እዩ።ኣብ ቁርኣን' ዉን 80 ግዜ ተጠቒሱ ይርከብ።

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ:( ልዑል ዝኾነ ንጹህ ጎይታና)ኣብ ሱረት ኣልበቐራ:ኣያ (45) ከምዚ ይብል:

وَاسْتَعِينُوا بِالصَّبْرِ وَالصَّلاةِ وَإِنَّهَا لَكَبِيرَةٌ إِلاَّ عَلَى الْخَاشِعِينَ (45)

*يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا اسْتَعِينُوا بِالصَّبْرِ وَالصَّلاةِ إِنَّ اللَّهَ مَعَ الصَّابِرِينَ (153) ሱረት ኣልበ'ቐራ*

ትዕግስቲ እውን ኣብ ሰለስተ ክፉል ይኽፈል:

(1.)**ንኣላህ ምምእዛዝ ትዕግስቲ ይሓትት** (2.) **ካብ ረቢ ዝኸልከሎ ምኽልካል ትዕግስቲ ይሓትት** (3.)**ንዘጋጥምካ ፈተነ ናይ ረቢ ተጸሚምካ ምሕላፍ ትዕግስቲ ይሓትት**::

ንኣላህ ምምእዛዝ ትዕግስቲ ብዝምልከት ካኣ ንኣላህ ዝኣዘዞ ትእዛዛት ንምትግባር እቲ ዘድልይ ፍልጠት በቲ ኣላህ ዝሓንጸጾ ምትግባር ትዕግስቲ ምግባር እዩ።
ካብ ረቢ ዝኸልከሎ ንም'ኽልካል ካኣ እቲ ፍርሂ ናይ ኣላህ ኣብ ልብና ምስ ዝሰርጽ እዩ።ካብዚ ንላዕሊ ኻኣ ካብ ረቢ ምሕፋርን ካብ ፍትወትን ዝተበገሰ ካብቲ ንዕኡ ዘሕርቖ ጠባያትን ተግባራትን ምርሓቕ ትዕግስቲ ዉን የድሊ እዩ።ፍረ ናይዚ ትዕግስቲዚ ዉን ነቲ ዘለና እምነ ብረቢ የደልድሎን ከምኡ ዉን የዕዝዞን።
ም'ኽኒያቱ ሕግታት ኣላህ ምጥዓስ ነቲ እምነት የድክሞን የህስሶን እዩ።

ንዘጋጥመካ ሽግራት ናይ ኣላህ ፈተነ ስለ ዝኾነ ብትዕግስትን ብተጻዋርነትን ምግጣም እዉን ትዕግስቲ እዩ ዝሓትት።ኣብ ክንዲ ንኣላህ ብሽግራትካ ንሰብ ምጥራዕን ብእኡ ጥራሕ ምዝራብን ጽቡቕ ከምዘይኮነ ምፍላጥ የድሊ።
ኣላህ ልዕሊ ኹሉ ዝኾነ ፈጣሪ ንሽግራትና ንኸቃልለና ንዕኡ ጥራሕ ምልማን የድሊ።

ኣብዚ ዉን ዛንታ ናይ ሰይድና ኣዩብን ያዕቆብን ምፍላጥ የድሊ:
ኣብ ሱረት ዩሱፍ ኣያ ቁ: 86 ከምዚ ንቐርእ:
ሰይድና ያዕቆብ ይብል;

قَالَ إِنَّمَا أَشْكُو بَثِّي وَحُزْنِي إِلَى اللَّهِ وَأَعْلَمُ مِنْ اللَّهِ مَا لا تَعْلَمُونَ (86)

ንትዕግስቲ ምግባር ዝሕግዝ ካኣ:ነቲ ኩሉ ብኣላህ ዝተለገሰልና ልግሲ ምስ እነስተንትን ነቲ ዘጋጥመና መከራን ፈተነን ምስቲ ልግሲ ናይ ኣላህ ምስ እነመዛዝኖ ሽግርና ፎኺሱ ይራኣየና።

እቲ ካባና ዝምንጭው ትዕግስቲ ኻኣ ብሓገዝ ናይ ረቢን ምእንቲ ረቢ ከምዝኾነ ምፍላጥ ዉን ኣድላዪ እዩ።
ነፍስወከፍ ፍጡር ኣብዛ ዓለም ትዕግስቲ የድልዮ እዩ።ብዘይትዕግስቲ ዕላማና ክንሃርም ማለት ዘመት እዩ።
እምበኣር ኣስላማይ ኣብቲ ናብ ምስልምና ንምጽዋዕን ንምስባ'ኽን ዘካይዶ ጻዕሪ:ትዕግስቲ ቀንዲ ስንቁ ክገብሮ ናይ ግድን እዩ።
ነፍሱ መስመር ሓቂ ተኻዒዛ ክትከይድን ምስ ሰብ ዳዕዋ ኣብ ዘካይደሉ ግዜ:ትዕግስቲ የድልዮ እዩ።

## *ፈተነ ናይ ግድን እዩ:*

ኣብዚ ክጥቀስ ዘለዎ ኻኣ ፈተነ ናይ ግድን እዩ:ነዚ ፈተነ ብዓውት ንምስጋር ካኣ ትዕግስቲ ይሓትት።

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ኣብ ሱረት ኣልዓንከቡት ኣያ ቁ:(2) ይብል:

أَحَسِبَ النَّاسُ أَنْ يُتْرَكُوا أَنْ يَقُولُوا آمَنَّا وَهُمْ لا يُفْتَنُونَ (2)

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ኣብ ሱረት ኣልበቐራ ኣያ ቁ:(214) ይብል:

أَمْ حَسِبْتُمْ أَنْ تَدْخُلُوا الْجَنَّةَ وَلَمَّا يَأْتِكُمْ مَثَلُ الَّذِينَ خَلَوْا مِنْ قَبْلِكُمْ مَسَّتْهُمُ الْبَأْسَاءُ وَالضَّرَّاءُ وَزُلْزِلُوا حَتَّى يَقُولَ الرَّسُولُ وَالَّذِينَ آمَنُوا مَعَهُ مَتَى نَصْرُ اللَّهِ أَلا إِنَّ نَصْرَ اللَّهِ قَرِيبٌ (214)

ፍተነ ኣብ ናብራ ባህሪያዊ ኾነ፡ኣላህ ኣብ ዝደለዮ ግዜን ንዝደለየሉ ሰብን እዩ ዘተግብሮ።ነፍሱ ኣትሒቱ ንኣላህ ተማእዚዙ ዝሽይድ ኣማናይ ካኣ ነዚ ፈተነ ብሓገዝ ናይ ኣላህ ይሰግሮ።

<u>ናብ ረቢ ዝሰብኩ ሰባት ካኣ ፍልይ ዝበለ ፈተነ ይረኽቡ</u>

ናብ መንገዲ ረቢ ክትሰብ'ኽ ኢልካ እተካይዶ ጻዕሪ ብዘይ ዕንቅፋትን ጉድኣትን ካለኦትን ዝሰላሰል ኣይኮነን።
ኩሎም ልኡኻት ኣላህ ኣብ መንገዲ ስብከቶም ዕንቅፋት ኣጓኒፍዎም እዩ።
ነዚ ዘረጋግጽ ካኣ ኣላህ ኣብ ሱረት ኣልኣንዓም ኣያ ቁ:( 34) ይብል:

وَلَقَدْ كُذِّبَتْ رُسُلٌ مِنْ قَبْلِكَ فَصَبَرُوا عَلَى مَا كُذِّبُوا وَأُوذُوا حَتَّى أَتَاهُمْ نَصْرُنَا وَلا مُبَدِّلَ لِكَلِمَاتِ اللَّهِ وَلَقَدْ جَاءَكَ مِنْ نَبَإِ الْمُرْسَلِينَ (34)

ኣብዚ ከነተኩረሉ ዝግባኣና ካብ ድንቁርና ብምብጋስ ብዙሓት ኣንጻር ሰበኽቲ ዝተፈላለየ ውዲታት ይገብሩን ከምኡ'ዉን ዕንቅፋታዊ ስራሓቶም የተግብሩን።
ልኡኽ ሙሓመድ (ሰ.ዓ.ወ)እዉን ኣብ መንገዱ ብዙሕ ጉድኣትን ዕንቅፋትን ጽልኢ'ን ረኺቡ እዩ።
ንብጾቱ ነዚ ብዘይ ምርዳእን ድንቁርናን ካብ ካለኦት ዝምንጭው ዝነበረ ተግባር ብትዕግስቲ ክሓልፍዎን ክሰግርዎን ትእዛዙ ነበረ።
ትዕግስቲ ናይ ቢላል ቢን ረባሕን ናይ ስድራ ቤት ኣላ ያሲር እዉን ንኹላትና ፍሉጥ ዛንታ እዩ። ምኽንቲ ዳዕዋ ምስልምና ኣዝዮም እዮም ብትዕግስቲ ጉድኣት ናይ ካሓድቲ ቁረይሽ ዝሓለፍዎ።

እቲ ኣብዚ ከነማሓላልፎ እንደልዮ ትምህርቲ ኻኣ ንሕና ኣብቲ እነካይዶ ናይ ዳዕዋ ንጥፈታት ትዕግስቲ ጌርና ንዘጋጥመና ሽግራትን ፈተነን ክንሓልፍ ናይ ግድን እዩ።

## <u>ኣሓዲስ ናይ ረሱል</u>

ብኢብን መስዑድ ዝተመሓላለፈ ሓዲስ:ረሱል ይብሉ፡

**((ኣልሙእሚን ተናጋራይ: ተራጋማይ: ስዲን ከምኡ'ዉን ብዕሉግ ኣይኮነን))**

ተርሚዚ ሓዲስ ሓሰን ይብሎ።
ብሑዘይፋ ዝተመሓላለፈ ሓዲስ:ረሱል ይብሉ፡

**(( ሓማይ ሰብ ጀና ኣይኣቱን እዩ))**

ብ ኣነስ ዝተመሓላለፈ ሓዲስ:ረሱል ይብሉ፡

**(( ብነውርታቱ ብዙሕ ብምግዳሱ ነውርታት ካላኦት ሰባት ካብ ምርኣይ ዝተኸልከለ።))**

## ካብ መጽሓፍ ኣልረሒቕ ኣልመኽቱም: ሲራ ነቢይና ሙሓመድ እትገልጽ

# ጂብሪል ዋሕይ ሒዙ ምውራድ ጀመረ

ነብይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ዕድሜኡ 40: ማለት ሓደ ወዲ ሰብ ዝበለጸ ኣተሓሳስባን ቡሉንተናን ዝህልወሉ ዕድሙ ምስ በጽሐ ነብይ ከምዝኾዉን ዝመላኽቱ ፍጻሜታት ተኸሰቱ ::
ንሽድሽተ ኣዋርሕ ዝኸዉን ሓቀኛ ትርኢታት ኣብ ድቃሱ ተራእዩ::
እዘን ኣዋርሕ እዚአን ካኣ:ክፋል ናይቲ ን23ን ዓመታት ዝቐጸለ እዋን( መዋእል)ነብይነቱ ይቑጸራ እየን::

ነብይና ሙሓመድ ሰለላሉ ዓለይሂ ወሰለም ኣመል ናይ ምግላል ምስ ኣምጸአ ኣብ ሰለስተ ዓመቱ ኣብ ወርሒ ሮመዳን ነብይ ኮይኑ ብኣላህ ተመርጸ:( ተመዘዘ)እዚ መዝነት እዚ ኻኣ ብገለ ጥቕስታት ቁርኣን ተፈለመ::

ብዛዕባ እዚ ኣምላኻዊ መልእኽቲ (መዝነት)ንመጀመርያ ግዜ ዝወረደላ መዓልትን ዕለትን ዘመላኽ መርትዖታት:ዝተገብሩ ጥንቁቓት መጽናዕትን እታ ዕለት ሶኒ መዓልቲ 21 ሮመዳን ምሸት:ብኣውሮፖውያን ኣቆጻጽራ ኻኣ ብ10 ነሓሰ 610 ምንባራ ይፍለጥ::ኣብቲ እዋን ዕድመ ነብይና ሙሓመድ ሰለላሁ ኣለይሂ ወሰለም ልክዕ 40 ዓመታትን 6 ኣዋርሕን 12 ማዓልትታን :ብኣውሮፓዊያን ኣቆጻጽራ ኻኣ 39 ዓመታትን 3 ኣዋርሕን 22 መዓልታት ነበረ::

እታ ሓቀኛ ብዕልቲ ቤቱ ዓይሻ ብዛዕባ ብርሃን ኀይታ:ኣላህ ጸልማትን ድንቁርናን ክሕደት ብረብን ዘጥፍእ ክወርደላ ዝጀመረሉ ፍጻሜ ( ኣጋጣሚ)ከምዚ በለት::
( እቲ ኣጋጣሚ ንደቂ ሰባት ናብ ሓዲሽ ኀደና ሂወት መሪሑ ኣብ ታራኽ ሱር ነቕል ምምሕያሻት ዘተኣታተወ ነበረ::

ብዛዕባ ኣጀማምራ ደረጃታት ምውራድ ኣምላኻዊ መልእኽቲ( ዋሕይ)ክንዛረብ እንተኾይና:ብመጀመርታ ነብይና ሙሓመድ ሰ.ዓ.ወ ኣብ ድቃሶም ዝተራኣዮም ኣብ ዕለታዊ ሄውቱ ተተግቢሩ ይራኣዮም ነበረ::
እዚ ኻኣ ነብይ ከምዝኾኑ ዝእምት ፍጻሜታት ነበረ:ቀጺሉ ካብቶም ብዝሃ-ዝሄራዊያን ክገልል ደስ ክብሎ ጀመረ::ብምቕጻል ኻኣ ናብ በዓቲ ሒራእ እንዳኸደ ንገለ ለይትታት ኣብኡ ግዜኡ ንረቢ እናጸለየ የሕልፎም እሞ:ንገዝኡ ተመሊሱ ከምበሓዲሽ ስንቁ( መግቡ ) ኣዳልዩ:ናብታ ባዕቲ ሒራእ ይምለስ ነበረ::ከምዚ ኢሉ ናብታ በዓቲ ንነዊሕ እዋናት ምስ ተመላለሰ:ኣብ ሓንቲ ለይቲ ሀንደበት መልኣኽ መጸኦ እሞ::’

” ቅራእ( ኣንብብ)”ኢሉ ምስ ኣዘዞ: ” ኣንቢበ ኣይክእልን እየ’ኢሎም ካኣረሱል መለስሉ::ድሕሪ እዚ ዘጋጠሞ ረሱል ባዕሎም ክገልጽዎ እንከለዉ ከምዚ ይብሉ::እቲ መልኣኽ:ንዓይ ብሓይሊ ሓቊይፋ ጸቐጠኒ::ፍኑው ኣቢሉ ኻኣ ንካላኣይ ግዜ:” ቅራእ( ኣንብብ)” ኣዘዘኒ ኣነ ኻኣ:” ኣንቢበ ኣይክእልን እየ” በልክዎ::
ደጊሙ ኻኣ ክሳብ እንቃዓ ዘስተንፍስ:ሓቊይፋ ጸቐጠኒ::ፍኑው ኣቢሉ ኻኣ:” ቅራእ( ኣንብብ)”ኢሉ ንሳልሳይ ግዜ ኣዘዘኒ:ሽዑኡ እውን:” ኣንቢበ ኣይክእልን እየ” በልክዉ::” ብሽም ፈጣሪ ጎይታኻ ቅራእ( ኣንብብ)ንወዲሰብ ካብ መጠለግለግ ዝብል ነገር ዝፍጠረ::ቅራእ( ኣንብብ) ጎይታኻ እቲ ዝለገሰ እዩ))::ክብል እቲ መልኣኽ ኣዘዞ::

ኣብዚ እዋን ነብይና ሙሓመድ ነተን ዝሰመዐን ጥቕስታት ደገመን:ብፍርሒ ግን የንቀጥቅጥ ነበረ::ካብኡ ናብ በዓልቲ ቤቱ ኸዲጃ መጺኡ:: ”ሸፍንኒ ሸፍንኒ ” በለ::ክሳብ ዝሃድእ ካኣ ሸፈነቶ::ካብኡ ፍርሁ ምስ ከደሉ:ንኸዲጃ እቲ ዘጋጠሞን ዘፍረሆን ምኽኒያት ነገራ::እሳ ኻኣ ከተጸናናኖ ፈተነት::ከምዚ ኻኣ በለቶ:

” ኣላህ ኣይጎድኣካን እዩ: እስኻ ዘመደይ በሃሊ: ንውጹዓት ትሓልፍ:ድኻን ለማንን ትሕግዝ:ጋሻካ ተኸብር:ሽግር ትጻወር ሰብ እኳ ኢኻ::ድሕሪ እዚ ንነቢ ሒዛ ናብ ወዲ ኣኮኣ:ኣብቲ እዋን ክርስትና ሃይማኖት ተቐቢሉ ዝነበረ:ወረቓ ቢን ነውፍውል ቢን ኣሰዓድ ቢን ዓቡልዒዛህ ዝባሃል ሰበ ከደት::

ኣረጊት ዕውር ሰብኣይ እዩ ዝነበረ::ኸዲጃ ሽዕኡ:ወዲ ኣኮይ: እዚ ወዲ ሓውኻ:ንሙሓመድ ሰ:ዓ.ወ ማለታ እያ:ዝብሎ ዘሎ ስምዓዩ:በለቶ::ንሙሓመድ:ሰ:ዓ.ወ: ” ኦ ወዲ ሓወይ እንታይ ኢኻ ረኺብካ ”ኢሉ ወረቓ ሓተቶ::ረሱል ሙሓመድ ካኣ እቲ ዘጋጠሞ ዘንተወሉ::ኣብቲ እዋን ወረቓ:” እሱ እቲ ዝራኣኻዮ ናሙስ( ኣምላኻዊ ምስጢራት ዝፈልጥ) ንሙሳ ዝመጸ ዝነበረ እዩ።ኣብዚ እዋን መንእሰይ ኔረ ተትኸዉን ደስ ምስ በለኒ ኔሩ::ህዝብኻ ካብ ዓድኻ መካ ከውጹኡኻ: ከለዉ ብሂወተይ ክህሉ እምነ ኢሉ:ዘረብኡ ከይወደአ እንከሎ::ነብይና ሙሓመድ

ብምግራም:እሶም ” ካብ ዓደይ ከውጽኡኒ ድዮም”ኢሉ ሕቶኡ ኣቕረበሉ::
ወረቓ ኻኣ ” ኩሉ ከምዚ ናትካ መልእኽቲ ሒዙ ዝመጸ:ይባኣስዎ እዮም::ኣነ ግን ኣብቲ እዋን

ብሂወተይ እንተጸኒሐ:ኣበርቲዐ ክሕግዘካ እየ ክብል መለሰሉ”::
ብድሕሪ እዚ ወረቓ ነዊሕ ከይጸነሐ ሞተ::

ጂብሪል እቲ ንነብይና ኣብ በዓቲ ሒራእ ዝመጾ መልኣኽ ካኣ:እንደገና ካብ ምምጻእ ደንጎየ::
ነብይና ሙሓመድ እቲ ናይ ዋሕይ ኣምላኻዊ መልእኽቲ ድሕሪ ምዝካር ከምዚ በሉ:
”ከም ገጣማይን ጽሉል ሰብ ጌረ ዝጸልኦ ዓይነት ሰብ ኣይነበረንን:ደው ኢለ ክርእዮም ብጣዕሚ እጸልኦም ነበርኩ:: ንቁረይሽ ብዛዕባ እዚ ዘጋጠመኒ ፍጻሜ ካብ ምንጋር :ካብ ጎቦ ጸዲፈ ነብሰይ ብሞት ምግልጋል:ይሕሸኒ ኢለ:ናብ ጎቦ ክድይብ ፍርቂ መንገዲ ምስ በጻሕኩ::ብሰማይ ሸንኽ ” *ኦ ሙሓመድ:እሰኻ ሉኡኽ ናይ ኣላህ ኢኻ::ኣነ ኻኣ ጂብሪል እየ:”* ዝብል ድምጺ ሰማዕኩ::ንሰማይ ገጸይ እንተራኣኹ:ጂቢል ከም ሓደ ሰብኣይ ኣብ ኣድማስ ዳንግኡ ዘቐመጠ ተመሲሉ ረኣኽዎ::እቲ ክፍጽሞ ዝሓሰብኩ ካብ ምፍጻም ተጎናዲበ::ኣብታ ዝነበርክዋ ቀው ኢለ ተረፍኩ::ኣዒንተይ ካብቲ ምስሉ ክኣልየን ፈተንኩ:ግን ኣይካኣልኩን::
ኣብታ ዘለኽዋ ነዊሕ ምስ ጸናሕኩ:ኸዲጃ ተሻቒላ ዝላኣኸትለይ ሰብ:ንመካ ወሪዱ ተመለሳ::ኣነ ኻኣ ንገዛይ ምስ ተመለስኩ:ኣብ ጥቓ ኸዲጃ ኮፍ ኢለ እንከለኹ:” ኣበይ ዳኣ ኔርካ:ሰብ ልኢኸልካ:ንመካ በጺሒ ተመሊሱ:ኢላ ተዛረበትኒ::ኣነ ኻኣ እቲ ዘጋጠመኒ ነገርክዋ::እሳ ካኣ:” ጽቡቕ ምልክት እዩ:” *ኦ ሰብኣይ ተዳሎ ኢኻ”ወላህ እብል ኣለኹ እሰኻ:ልኡኽ ናይ ኣላህ ኑቲ ህዝብና ኢኻ”:በለቶ::*
ናብ ወረቓ ቢን ነውፊል ብምኻድ ካኣ:እዚ ንነቢይ ሙሓመድ ዘጋጠሞ ዘንተወትሉ::እሱ ኻኣ:” ወላህ ይብለኪ ኣለኹ:እቲ ንሙሳ ዝመጽእ ዝነበረ መልኣኽ እዩ ዝመጾ ኣሎ::እሱ ነቢ ናይዚ ህዝቢ ክኸዉን እዩ::ትዕግቲ ግበር በሊዮ::

ስተና ኸዲጃ ኻኣ እቲ ወረቓ ዝበላ ዘረባ ንነብይ ነገረቶ::ካብታ በዓቲ ናብ መካ ኣላገሰ እሞ:
ወረቓ ኻኣ: ” እስኻ ነቢይ እዚ ህዝቢ ኢኻ:ወላሂ ይብለካ ኣለኹ እቲ እስኻ ዝራኣኻዮ መልኣኽ እቲ ንሙሳ ዓለይሂ ኣሰላት ወሰላም ዝመጸ ዝነበረ መልኣኽ እዩ ክብል::ተዛረቦ::

## *ሓቤረታ:*

ክቡራት ኣንበብቲ መጺሔት ኣልሁዳ: ኣብ ነፍስወከፍ ሕታም መጺሔት ኣልሁዳ ንሲራ ናይ ረሱል ዝገልጽ ዝምልከት ጽሑፋት ከነቕርብ ኢና::እዚ ጽሑፍ ካኣ ካብ መጽሓፍ ኣልረሒቕ ኣልመኽቱም ብኮሚተ ኣልሁዳ ዝተተርጎመ እዩ::ኣብዛ ሕታም እዚኣ:ካብ በዓቲ ሒራእ( ቓር ሒራእ)መልእኽቲ ናይ ኣላህ ብጂብሪል ዝፈለመሉ ግዜ ኣቕሪብና ኣለና::
ኣብ መጻኢ ሕታምና ኻኣ:

- ምቁራጽ ዋሕይን:እንደገና ዋሕይ( ኣምላኻዊ መልእኽቲ) ጂብሪል ዝቐጸለሉ ከነቕርብ ኢና:

እቲ ካባኹም ብትሕትና እንሓቶ ኻኣ ብተገዳስነት ኣንቢብኩም:መአረምታኹምን ርኢቶኹምን ክትልእኩልና እዩ::

ለበዋ: ለበዋ: ለበዋ:

ክቡራት ኣሕዋት:ረቢ ኣብቲ ቅዱስ ቁርኣን ከምዚ ይብል:*ላዩከሊፉልላሁ ነፍሰን ኢላ ውስዓሃ::*
ንሕና ኣሰናዳእቲ መጺሔት ኣልሁዳ:እቲ ክንገብሮ እንኽእል. ነዛ ሕታም ኣልሁዳ ኣኣብ ሰለሰተ ወርሒ ሓቲምና ከነውጻኣ እዩ:: ብዙሕ ቅዳሓት ሓቲምና ናብ ብዙሓት ኣሕዋት ክትበጽሕ ሸሕኳ ትምኒትና ይኹን ግን ዓቕሚ የብልናን::
ግን ንነፍስወከፍ ማሕበር ሓንቲ ክንሰደላ ኢና:እሞ ከተንብብዋ ምስ እትደልዩ ካብ ማሕበርክም ክትሓቱዋ ትኽእሉ ኢኹም::ኣብ ኢንተርኔት ካኣ ኣብ www.alhuda1.com ከተንብብዋ ትኽእሉ ኢኹም::ናብ ገዛኹም ብቐጥትታ ክትመጸኩም ምስ እትደልዩ ኻኣ:ኣብ መርበብ ኣልሁዳ ኣቲኹም ብኢመይል ተራኸኣቡና::

እምበኣር ናትካ ግደ ኻኣ ናብቶም ካለኡት ኣሕዋት ክትበጽሕ ምጽዓር እዩ:እሞ ረቢ ይሓግዝ:ኣሜን::

# ካብ ኅዳኢ ዘረባ ንርሓቕ

*ብኣቡ ዓብዱልራሕማን*

ፍትሒ ነጊሱን ሰላም ሰፊኑን ሓቂን ቅንዕናን ዘውቲሩን ክንሪኢ ናይ ነፍስወከፍና ድልየትን ትምኒትን ከምዝኾነ: ኣንባባይ ካልእ ርኢቶ ኣለዎ ኢለ ኣይግምትን::ግን ንሓቂ ዝኅስስን ንፍትሒ ዝቆጽይን ንቕንዕና ዘዘንብዕን ዘበላሽውን ብዙሕ ረቋሒታት እዮም ዘለዉ::ኣብዛ ብዛዕባ እዘን ጥቕስታት ቁ:8ን 9ን ኣብ ሱረት ኣልሙጃዳላ ሰፈረን ዘለዋ ጥቕስታት( ኣያት) ሓፈሻዊ ትንተናን ትርጉምን ኣገዳሲ ትምህርቲ ከቕርበልኩም ክፍትን እየ።
ዓመጻዊ ተግባርን ዘይቅኑዕ ስራሕን ኩሉ ግዜ ብጉላባብ ናይ ፍትሒን ሓቂን ተኅልቢበን እየን ኣብ ህሉው ኩነታትና ህላውነተን ከረጋግጻ ዝፍትና::ማለት ዓማጻይ ወይ ዓመጽቲ ኣብቲ ብሕቡእ ምስጢራዊ ዝርርባቶም እዮም ነቲ ዘይቅኑዕ ዓመጻዊ ተግባራቶም ዝኣልሙ::

ምናልባት ኣብቲ መዓልታዊ ንጥፈታት ናይ ናብራ እዉን ብዙሓት ካባና ኣብዚ ናይ ሸይጣን ስራሕ ዝወድቑ እዉን ዉሑዳት ኣይኮኑን::ማለት ብእከይን ንኻለኦት ዝዕምጽ ስራሕ ዝሰርሑን::
ኣላህ እቲ ልዑልን ለዋህን ዝኾነ ኅይታና ኣብዘን ዝስዕባ ጥቕስታት ቁ:8ን 9ን ናይ ሱረት ኣልሙጃደላ ከምዚ ይብል:

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا إِذَا تَنَاجَيْتُمْ فَلا تَتَنَاجَوْا بِالإِثْمِ وَالْعُدْوَانِ وَمَعْصِيَةِ الرَّسُولِ وَتَنَاجَوْا بِالْبِرِّ وَالتَّقْوَى
وَاتَّقُوا اللَّهَ الَّذِي إِلَيْهِ تُحْشَرُونَ (9) إِنَّمَا النَّجْوَى مِنْ الشَّيْطَانِ لِيَحْزُنَ الَّذِينَ آمَنُوا وَلَيْسَ بِضَارِّهِمْ شَيْئاً
إِلاَّ بِإِذْنِ اللَّهِ وَعَلَى اللَّهِ فَلْيَتَوَكَّلْ الْمُؤْمِنُونَ(10

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ኣብዛ ጥቕሲ`ዚኣ ንምእመናን ብቲ ዝበለጸ ሽሞም (ያኣዩሃ ኣለዚና ኣመኑ)
ኦ ኣንቱም ምእምመናን ኢሉ ብምጽዋዕ ንሓደ ኣገዳሲ ትእዛዝ ኣእምሮኦምን ኣቃልቦኦምን ከድህብሉ ይናድዮም::

እዞም ብኣላህን ብረሱሉን(ልኡኹን)ዝኣመኑ ምእመናን እሞ ብመሰረት ሸርዑ(ሕጉ)ተደሪኾም ናብራኦም ዝመርሑ ዘለዉ :እንተዳኣ ኣብ መንጎኦምን ነንሕድሕዶምን ብምስጢር እንተዳኣ ተዛትዮምን ተማኺሮምን እከይ ዝኾነ ዘረባ ንኸይዛረቡን ከምኡ`ዉን ዘረበኦምን ምምኻሮምን :መሰል ካለኦት ዝገፍፍን ዝዕምጽን ክኸዉን ኣይግባእን:: ፍትሓዊ ዘይኮነ ፍርዲ ንኸይህቡ ብምጥንቃቕ ካብኡ ክርሕቁ ከምዘለዎም ትእዛዝ ናይ ረሱል ንኸይጥዕሱን:ኣልላህ ይእዝዞም::
እንታይዳኣ እቲ ብምስጢር ነነሕድሕዶም ዝዛረብዎ ዘረባ ጽቡቕን ቅኑዕን ክኸዉንን ምእንቲ ፍርሂ ኣላህ ነጊሱ ትእዛዙ ንኽትግበር ከምዝግባእ ይገልጸሎም:: ንሽምዚ ዝኣመሰለ ተግባራት ዓገብ እንተትብልዎ ምሓሾም ኔሩ::

ኣላህ እውን ነቲ እከይን ወጽዓዊ ዝኾነ ምምኻሮም ካብ ወስወሳ ናይ ሸይጣን ከምዝኾነ እሞ ምእንቲ ንምእመናን ንኸሕዝን ከምዝኾነ ኣላህ ይገልጸልና::ሸይጣን ንሕማቕ ንገረ ኣመልኪዑ ከምጽቡቕ ጌሩ ስለ ዘርእየና:ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጠባይ ክንርሕቅ ይግባእ::ኣልላህ ብዘየፍቅዶ ኻኣ እቲ ጉድኣት ናይ ሸይጣን ከምዘይዕወት ምፍላጥ የድሊ።ምእመናን ካኣ ኣብ ኣልላህ እቲ ዝኾነ ቅንጣብ ዘይክወሎ ፈላጥ ክጽግዑ ከምዘለዎም ኣልላህ ይእዝዘና።
ክቡር ኣ ንባቢ:ብሰንኪ እዚ ጠባይ ናይ ሕሹኽሹክ ምባልን ካለኦት ኣሕዋት ዘይፈትውዎን ኅዳኢ ዝኾነ ምስጢራዊ ምምኽኻርን ምዝታይን ኣብ ማእለያ ዘይብል ጸገማት ከምዝወደቕናን ሳዕቤናቱ ክሳብ ሕጂ ይጸልወና ከምዘሎ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ናብራና ብሩህ ኦሊሒ ይረአ ከምዘሎ ንልቢ ዘለዎ ዘይጋሃድ ሓቂ እዩ::

ኣብ ክንዲ ብምስጢር ዓይነት ናይ ሒሜታን ጉዳኢ ምምኻር ነቲ ንውልቀሰብን ሕብረተሰብን ጠቓሚ ዝኾነ ምምኻር ምዝውታር ይሓይሽ::
ብቓልዕ: ሰብ ብዝፈልጦ ኣብ ኅኒ ፍትሒን ሓቂን ተጸጊዕካን ኣብ ረቢ ተዓቂብካን እቲ ረቢ ዝፈትዎ ስራሕ ምስራሕ እቲ ዝበለጸ ስራሕ ከምዝኾነ ክትርስዕ ኣይግባእን::

ረቢ ኻኣ ምስቶም ኒያኦም( ልባዊ ድልየቶም)ኣጽሪዮምን ምእንቲ ኣላህ ዝሰርሑን ከምዝከላኸለሎምን ከምዝዓቕቦምን ቅንጣብ ጥርጣረ ክህልወና ኣይግባእን::

እዚ ወሰላሙ ዓለይኩም ወራሕመኡላሂ ወበረካቱሁ::